## ኤርትራ፡ ኣብ ናይ ወጻኢ ጋዜጣታት
## ቍጽሪ 2

## ክፍሊ ዜናን ባህልን
## ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ
## 23 ጥሪ 2010

1. ካብ'ተን ናይ ፖለቲካን ሲቪልን መሰላት የብለንን ዝብሃላ 47 ሃገራት፡ እተን ዝኸፍአ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ዝፍጸመለን 9 ሃገራት፣ በርማ፡ ኢኳቶርያል ጊኒ፡ ኤርትራ፡ ሊብያ፡ ሰሜን ኮሪያ፡ ሶማልያ፡ ሱዳን፡ ቱርክመንስታንን ኡዝበክስታትንን ኢየን ክብል ፍሪዶም ሃውስ እተባህለ ናይ ሰብኣዊ መሰል ትካል ገሊጹ።

2. ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣፍወርቂ ምስ ሱዳናውያን ጋዜጠኛታት ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መሓትት፡ ጉዳይ ማዕቀብ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኣብ ኣኼባ ሃገራት ኢጋድ ክዝረበሉ እንከሎ፡ ሱዳን ናይ ስቕታ መርገጽ ምሓዛ ከምዘይሐጎሶ ገሊጹ።

3. ኣብ ልዕሊ ሰዓብቲ ሃይማኖት ክርስትና ኣብ ኤርትራ ዝፍጸም ዘሎ ግህሰታት ደው ክብል ኣለዎ ዝብል ጠለብ ዝሓዘ ኣርብዓን ሰለስተን ሽሕ ሰባት ዝፈረምሉ መዘክር፡ ንሰበ-ስልጣን ዓባይ ብሪጣንያ ተዋሂቡ።

4. ሕቡራት ሃገራት፡ ካብ'ቲ ማእከላይ ሳጹን ንህጹጽ ጉዳያት ዝተባህለ ትካሉ፡ ኣብ ዓመት 3 ሚልዮን ዶላር ንኤርትራ ክህብ ከምዝጸንሐ ተገሊጹ።

5. ካብ'ቶም ናብ ምብራቕ ሱዳን ኣብ ዓመት ዝኣትዉ 1,800 ዝኾኑ ስደተኛታት ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ልዕሊ 1200 ኤርትራውያን ምዃኖም ቢላል ኣሕመድ ሙሳ እተባህለ ምኽትል ኮሚሽነር ስደተኛታት ገሊጹ።

6. ሊብያ፡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ሃገሮም ንምምላስ ምስ'ቲ ኣብ ሊብያ ዝርከብ ኤምባሲ ኤርትራ ሓቢራ ትሰርሕ ከምዘላ፡ ሱዳን ትሪብዩን ዝተባህለ ጋዜጣ ኣቃሊዑ። ኣባላት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ'ቲ ስደተኛታት ዝተኣሰስርሉ ኣብያተ-ማእሰርቲ ኣትዮም ነቶም ስደተኛታት ናብ ሃገሮም ዝምለስሉ ቅጥዕታት ክመልኡ የገድድዎም እቲ ምንጪ ሓቢሩ። እቶም ኣይንመልስእን ዝብል ተቓውሞታት ዝገበሩ ስደተኛታት ድማ፡ ንማህራምትን ዓዛብን ይቃልዑ ምህላዎም እቲ ጋዜጣ ወሲኹ ሓቢሩ።

7. ናይ ጋዜጠኛታት ኣህጉራዊ ፌደረሽን (International Federation of Journalists) ዝተባህለ ዘይመንግስታዊ ትካል፡ እተን ኣብ ልዕሊ ጋዜጠኛታት ዝኸፍአ ግፍዒ ዝፍጽማ ኣፍሪቃውያን ሃገራት፡ ኤርትራ፡ ሶማልያ፡ ቱኒዝያ፡ ዲሞክራስያዊት ሪፑብሊክ ኮንጎን ጋምብያን ኢየን ኢሉ። ከምኡ ውን፡ ኣብ ኤርትራ 9 ጋዜጠኛታት ከምእተቐትሉን 19 ከኣ ኣብ ማእሰርቲ ከምዝርከቡን ሓቢሩ።

ናይ ጋዜጣ ናጽነት ንምርግጋጽ፡ ሕቡራት ሃገራትን ኣፍሪቃዊ ሕብረትን ዝያዳ ጸቕጥታት ክገብራ ድማ ጸዊዑ።

8. ሽወደን፡ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ካብ እትቕበሎም 1,700 ክሳብ 1900 ዝኾኑ ስደተኛታት፡ ንኤርትራውያንን ሶማልያውያንን ቀዳምነት ክትህብ ምዃና ኣፍሊጣ። ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ንዒራቓውያን ስደተኛታት ኢያ ቀዳምነት ክትህብ ጸኒሓ።